**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
***ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን***

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**
**مكتب الإعلام والثقافة**

**Eritrean National Salvation Front**
***Information and Cultural office***

# ዜና

## ባሕቲ መስከረም
## ብዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ ተኸቢራ፣

ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ባሕቲ መስከረም መበል 49 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብክብ ዝበለ ሞራልን ፍናንን ኣኽቢሮዋ ከምዝወዓለ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ፣ ሓርነትን ክብረታትን ህዝብና መሊኡ ክሳብ ዝረጋገጽ ኣብ ቅድሚኦም ተገቲሩ ዘሎ ዘይተወደአ ዕማም ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ዝኣመተ ብዝተፈላለዩ መግለጽታት ኣድሚቖማ ከምዝወዓሉ፣ እዚ ከኣ ብጉጅለ ባህሊ ኣሃዱታት ግሃድኤ ዝቐረበ ኮይኑ፣ ዋዛ ምስ ቁም-ነገር፣ ድራማታት፣ ግጥምታት፣ ጭርሖታት፣ … ወዘተ ዝተሰነየ ከምዝነበረ፣ ኣብቲ ጸብጻብ ተሓቢሩ።

ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ምስ ኩሎም ፈተውትን ደለይቲ ለውጥን ዝኾኑ ሓይልታት ሓቢሩ ክቃለስ፣ ብፍላይ ከኣ ምስ ዕጡቕ ኣሃዱታት ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ብምውህሃድ፣ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዝካየድ ዘሎ ዘይሕለል ቃልሲ ብዝበርትዐ ናህሪ ክቕጽሎ ምዃኑ ከምዘረጋገጸ ተሓቢሩ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
2 መስከረም 2010